# እቲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፥ እቲ ናይ ኣምላኽ ከኣ ንኣምላኽ ሃቡ

ማር 12፡17።

ሓደ ካብቲ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ እቲ ቀንዲ ጽልኢ ቅርሕንቲ ውግእ ፍልልይ ዘምጽእ ነቲ ቀንዲ ነገር ከም ግብኡ ገርካ ፈላሊኻ ዘይምኽኣል ኣብ ነናቱ ዘይምግባር እዩ። ብፍሉይ ከኣ መንፈሳውን ሥጋውን ነገራት ሓዋዊስካ ክትገብር ምፍታን ጸገማት የብዝሕ። ኢየሱስ ባዕሉ ንኽልተ ግኅይቶት ኽግዛእ ዚኽእል ሓደ የልቦን . . . . ንኣምላኽን ገንዘብን ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም (ማቴ 6፡24-25) ይብለና። ኣብ ክልተ ዝተመቕለ ሓሳብ ፍረ ኽገብር ኣይ ክእልን እዩ።

ነዚ ሓሳብ ኣርእስትና ክንርዳእ ታሪኻዊ ኩነታት ፍልስጥኤም ክንርዳእ ኣሎና። ሄረዱስ ዓቢ ንምድረ ፍልስጢኤም ከም ወኪል ሮማውያን ኮይኑ ይገዝእ ነሩ። ሮማውያን እውን ምሉእ እምነት ኣብኡ ገሮም ይቕበልዎ ነሮም። ቅድሚ ምማቱ ንግዝኣቱ ኣብ ደቁ መቒልዎም። ኣንጢፓስን ፊሊጶስን ብኹሉ ምምሕዳሮም ጽቡቕ ይኸዱ ነሮም። ኣርከላኦስ ዝተባህለ ንይሁዳን ሰማርያን ዝገዝእ ዝነበረ ግን ዕዉት ኣይ ነበረን። ዕግርግር ስለ ዘብዝሐ ሮማውያን መጺኦም ብቐጥታ ኽገዝእዎን ከመሓድርዎን ቀረጽ ባዕሎም ክኸፍሉን ጀሚሮም። በዚ ኸኣ ህዝቢ ናዕቢ ኣልዒሉ ፍጹም ዕንወት ኣብ ኣይሁድ ወሪዱ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝመሓደር ዝነበረ ህዝቢ ፈሪሳውያንን ሄሮዱሳውያን ክልተ ተጻራሪ ኣቕዋም ዝነበሮም ንኢየሱስ ከጥቅዑ ተሰማሚዖም። ኣብ ዓለም ሰባት ክፉእ ኽገብሩ ክልተ ዘይቃረቡ ዝነበሩ ኣብ ክፉእ ምግባር ክሓብሩ ልሙድ እዩ። ጸጊሙ ዘሎ ጽቡቕ ኣብ ምግባር ዘይምሕባር እዩ። ፈሪስውያንን ጸሓፍትን ኣብ ክፉእ ምግባር እዮም ዝሓብሩ ዘለዉ። ንኢየሱስ ጸላኢኦም ከውድቑን ከጥቕዑን።

ምጥቕዖም ምቕብጣርን ምንኣድን ብዝመስል ኣቀራርባ እዮም ቀሪቦሞ። መምህር መገዲ ኣምላኽ ደኣ ብሓቂ ትምህር እምበር ንሓደ እኳ ኣይትፈርህን ኢኻ ገጽ ሰብ ርኢኻ ዘይተዳሉ ሓቀኛ ምዃንካውን ንፈልጥ ኢና እናበሉ ሓቂ ዘይብሉ ናእዳን ውዳሴን ኣቕረቡሉ። ኢየሱስ ግን ግብዝነቶም ፈሊጡ ስለምንታይ ትፍትኑኒ ኣሎኹ ኢልዎም።

ነዚ ኣቀራርባ ዝመረጹ ብጥበብ ኣብ መጻወድያ ከእትውዎ ኢሎም እዮም። ተንኮለኛታት ሰባት ንሓደ ብሓቂ ኽኅድእዎ እንተ ኾኖም መጀመርያ ጥዑይ ቃላት ተጠቒሞም ዝፈትዉን ዝሓልዩን ተመሲሎም እዮም ዝቐርቡ ድሓር ግን ነቲ ዝደለይዎ ክፉእ ይፍጽሙ። እዞም ክልተ ተጻረርቲ ጋንታ ኸኣ ንኢየሱስ ቀረጽ ንቄሳር ክፈሉ እንተ በለ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝነበሮ ጽልዋ ጠፊኡ ክክሕዶን ካብኡ ክርሕቕን እዩ፥ ከም ሓደ ክሓድን ፈራሕን ክርኣ እዩ። ቀረጽ ምኽፋል ኣይግባእን እንተ በለ ኸኣ ከም ሓደ ናዕቢ ዘልዕል ኣብ ሮማውያን ኣሕሊፎም ክህብዎ ከእስርዎ ኢሎም እዮም። በዚ ኸኣ ንኢየሱስ ኣብ መጻወድያ ዘእተውዎ ገሮም ሓሰቡ። ኢየሱስ ግን ግብዝንኦም ርእዩ ነቲ ዲናር ክርእዮ ኣምጽኡለይ በሎም። እዝስ መልክዑን ጽሕፈቱን ናይ መን እዩ በሎም ንሳቶም ድማ ናይ ቄሣር በልዎ። ኢየሱስ ከኣ እምብኣርከስ ናይ ቄሣር ንቄሣር እቲ ናይ ኣምላኽ ከኣ ንኣምላኽ ሃቡ ኢሉ መለሰሎም።

ኣብዚ ብዙሕ ሕቶታት ክነልዕል ንኽእል ኢና። ንነገራት ኣብ ነናቶም እንተ ገበርናዮም ዝበለጸ እዩ። ክንሓዋውስ ኣይ ግባእን። ናይ ኣምላኽ ነገርን ናይ መንግስቲ ነገርን ፈላሊና ክንርኢ ይግባእ። ግን መንግስቲ ደረት ስልጣኑ ኣበይ እዩ? መንግስቲ ሰላማዊ ሰልፊ ከይንገብር ክኽልክለና ይኽእልዶ?

ሲቪላውያን መራሕቲ ደረት ስልጣኖም አበይ እዩ ዘሎ? ናታትና አብ ስልጣን ንዘለዉ ክንእዘዞም ዝግብአና አብ ከመይ ዝበለ እዩ? መንግስቲ ማለት ብዕዉር እትእዘዞ ንሱ ዝበለካ ጥራሕ እትገብር አይኮነን። ደረት አለዎ ማለት መንግስቲ ክእዝዞ ዘለዎን ክእዝዞ ዘይብሉን ነገራት ፈሊኹ ምርአይ የድሊ።

አብ ብዙሓት ሃገራት ዳርጋ መንግስቲ ልዕሊ ሕጊ ኮይኑ ገባርን ሓዳግን ኮይኑ ንሕና ዝበልናካን ዝሃብናካ ጥራሕ ተቐበል አይ ኮነ ቦታኻ ፍሉጥ እዩ እናበሉ ንቃሎም ዘይቕበል ይአስርዎ ይቐትልዎ። ዓለምና ሎሚ ብኸምዚኦም መሊአ ደቂ ሰብ አብ ፍርሕን ጭንቅን ዝነብሩ ውሑዳት አይ ኮኑን። አብተን ምዕቡላት ደሞክራሲ አሎ ዝብሃል እኳ እዚ እንርእዮ ዘሎና እዩ። ግን ሰብ ብመሰረቱ መንግስቲ መሰል ሓላዊ ሕጊ ዘኽብርን ዝሕሉን እምበር ብውልቀ መራሕቲ ዝእዘዝ ክከውን አይ ምተገብአን።

ሰብ እምነቱን መሰሉን ምስ ሰአና ዝገብራ ናዕቢ ምልዓል እዩ። እዚ አብ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ተራእዩ እዩ። አምላኽ ንመንፈሳውን ሥጋውን ነገራትና በብናቱ መልክዕ ክንህልዎን ክንከናኸኖን ይደልየና። ናይ ሥጋ ወይ ናይ ዓለም ነገራት ንመንግስቲ ይርኢ ከምኡ መንፈሳዊ ነገራት ከአ ብመንፈሳውያን መራሕቲ ይርአ። ክልቲኡ ነናቱ እንተ ዘይሓዘ ጸገም እዩ ዝፍጠር።
መዝገበ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ነዚ ክንምልስን ናይ ቤተ ክርስትያን ርድኢትን ክንፈልጥ ይሕግዘና። ክፍሊ መዝገብ እምነት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ ራብዓይ እትእዛዝ ኽገልጽ እንከሎ አቦኻን አደኻን አኽብር እናበል ምስ ሲቪላውያን ሓለፍቲ ንዘሎ ርክብ ንምግላጽ ከአ ክህልወና ዘለዎ ርክብ ይገልጽ። መዝገብ ሃይማኖት (2234) እቶም ሥልጣን ዝለበሱ ኮነ እቶም ተገልገልቲ ዘለዎም ግቡአት የንጽርን ይዝርዝርን።

**መጀመርያ ቁሣር ንግዙአቱ ኽገብረሎም ዘለዎ።** ናይ ፖሎቲካ መራሕቲ ነቲ መሰረታዊ መሰል ግዙአቶም ናይ ወዲ ሰብ ክሕልዉ ከኽብሩ ይግባእ። እዚ ናይ ርትዒ መሰል ጉዳይ እዩ። ቁሣር መሰረታዊ መሰልና ሕይወትና ክሕሉ ኽኽብር፥ ነጻነትናን ምሉእ ሓጎስ ክንረክብ ዝገብር ኽኽውን ይግብአ። አብ ብዙሓት ሃገራት እዚ መሰረታዊ መሰላት አብ ሕግታቶም አሎ። መሰል ሰባት ብመራሕቲ ወይ ብሃገር ዝውሃብ አይ ኮነን ልዕሊኡ ዝኸይድ ካብ አምላኽ ዝውሃበና እዩ። አምላኽ ደልዩ ብሂጉ ንፍጡሩ ዝሃቦ መሰል እዩ። ነዚ መሰል ዘሕደገ መንግስቲ ሰላም የብሉን። ሰብ ከአ እዚ መሰረታዊ መሰል ምስ ጎደሎ ናዕቢ ዕግርግር ይገብር። ክሳብ ምእንቲ መሰሉ ይስዋዕ።

**መዝገበ ሃይማኖት ናይ ህዝቢ ግቡእ እንታይ ምኧኑ ገሊጹ ይነግር።** አብ ትሕቲ ዝኾነ ሥልጣን ዚመሓደሩ ኹሎም ነቶም ሰበሥልጣኖም ናይ ህያባቱ መነባበርትን አመሓደርትን ንዝገበሮም አምላኽ ከምዚውክሉ ክግምትዎም ይግባእ። ምእንቲ እግዚአብሔር ኢልኩም ንሰበሥልጣን ዘበሉ ኹሎም ተግዝእዎም. . . . ከም አገልገልቲ አምላኽ ብሓርነት ነበሩ እምበር ነቲ ሓርነት መኅልበቢ ክፍአት ከም ዝገብርዎ አይትኹኑ (1ጴጥ 2፡13)። ምእንት ክብሪ አምላኽ ኢልካ ንኹሉ ኅብረሰብአዊ ተቛዋም ምእዛዝ የድሊ. . . . ነጻ ኮንካ ንበር፥ ግን ከም አገልጋሊ አምላኽ ንበር። እሙንን ምትሕብባር ንመሰላት የጠቓልል አብ ገለ እዋን ከአ ግቡእ ድምጺ ንሓቀኛ ወቐሳ እዚ ኸአ ንመንነትን ክብሪ ሰብን ክጎድእ እንከሎ ዓው ኢልና ክንቋወም ይግባእ።
መዝገብ ሃይማኖት ገለ ካብቲ ግቡአት ኽገልጽ እንከሎ አብ ሥልጣን ንዘሎ ተገዛኢ ምኧንን ንሓባራዊ ጠቕሚ ክትብል ምስኡ ኃቢርካ ኃላፍነት ምሽካምን ዘስዕቦ ሞራላዊ ግዴታታት አሎ፥ ቀረጽ (ግብሪ) ምኽፋል፥ አብ ምርጫታት ናይ ምድማጽ መሰልካ ምፍጻም ንሃገርካ ምኽልኻል።

መዝገብ ሃይማኖት ምስቶም ኣብ ሥልጣን ዘለዉ ምሉእ ምትሕብባር ክንገብር ከም ዘሎና ኣነጺሩ የቐምጦ። ኣብ ናይ ሓባራዊ ጥቕም ሓባራዊ ሓላፍነት ኣሎና ግን ናይ ቄሣር ሓላፍነት ድሩት ከም ዝኾነ እውን ይገልጽ እዩ። ኣብ መዝ.ሃይ. 2242 ከምዚ ይብል፥ ሲቪል ሰበሥልጣን መምርሕታቶም ንናይ ሞራላዊ ሥርዓት ኮነ ንናይ መሠረታዊ መሰላት ሰብ ጠለባት ወይ ንትምህርቲ ወንጌል ዚጻረር ምስ ዝኸውን ዜጋታት ከይክተልዎ ብኅሊና ትሑዛት እዮም። ሰበ ሥልጣን ንዝህብዎ ትእዛዛ ምስ ሕልና ዝጻረር ምስ ዝኸውን ነቲ ንኣምላኽ ዝርኢ ክንስዕብ እምበር ነቲ ናይ ቄሳር ትእዛዝ ክነኽብር ኣይግባእን። እቲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፥ እቲ ናይ ኣምላኽ ከኣ ንኣምላኽ ሃቡ ።

ካብ ግ.ሓ. 5፡29 ዘሎ እና ጠቐሰ **ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምትእዛዝ እዩ ዝግባ**እ ንዝብል ይጠቅስ። ቄሳር ነቲ ንኣምላኽ ዝግባእ ከይንህብ እንተ ዓገተና እውን ንኣምላኽ ክንእዘዝ ይግብኣና መጀመርያ። እዚ ቑጥዓ ቄሳር ከምጽእ ይክኣል እዩ፥ ግን ቄሳር ለባም እንተ ኾይኑ ካብ ጌጋኡ ክምለስ እዩ፥ ምኽንያት ንድላይ ኣምላኽ ብምቅዋሙ ኣብ ገዛእ ርእሱ ቍጥዓ ኣምላኽ እዩ ዘምጽእ ዘሎ።

**ነገራት ናይ ኣምላኽ ምኧኖም ብምንታይ ንፈልቶም?** ብኣጋጣሚ ነዚ ብናትና ዓቕሚ ወይ ኣፍልጦ እንግንዘቦ ኣይ ኾነን። ጳጳሳት ንድላይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣብሪህሎም ዝነግሩ ኣለዉና፥ ቅ. መጽሓፍ ኣምላኽ ባዕሉ ብቅዱሳት ሰባት ገሩ ዝገለጸልና ኣሎና ፥ መዝገብ ሃይማኖት ንኹሉ እምነትናን ትውፊት ቤተ ክርስትያንን ጠቕሊሉ ዝሓዘ ኣሎና፥ ከምኡ ካብ ንእስነትና ብመልክዕ ትምህርቲ ክርስቶስን ካብ ወለድና ዝተመሃርናዮን እንፈልጦን ብዛዕባ እምነትና ኣሎና። ብርግጽ ምእንቲ እቶም ንገዛእ ርእሶም ካብ ሓቂ ዘርሕቑ ዘለዉ ንጸሊ። ካብ ሓቂ ብምርሓቕ  ንሓቂ ዝሓቶ ጽቡቅ ክምልሱ ተስፋ ኽገብሩ ኣይግባእን።

ኣብ ታሪኽ ክርስትና ብዙሓት ሰማዕታት ሕይወቶም በጃ ዝሃቡ ካብ ንቄሳር ምእዛዝ ንኣምላኽ ምእዛዝ ይሕሸና ስለ ዝበሉ ሕይወቶም ኣሕሊፎም። ናይ ሰማዕታት ምስክርነት ንሕና እውን ንሓቂ ክርስቶስ ደው ክንብል ከም ዝግብኣና ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ሕይወትና ብቓልን ብግብርን ንሓቂ ደው ክንብል ብምሉእ ልብና ኣእምሮናን ሓይልናን ክነፍቅር ይግብኣና።

እዚ ኢየሱስ መምህርና ዝህምህሮ ሎሚ ኣብ ዘመና ኣብ እንነብሮን ኣብ ዓድናን ብኸመይ ንርእዮ ወይ ንርድኦ። ትምህርቲ ኢየሱስ ንጹር እዩ። ናይ ኣምላኽ ንኣምላኽ ናይ ቄሳር ንቄሳር ኢሉና። እቲ ጸገም ዘሎ መራሕቲ ከምኡ ንሕና ህዝቢ ንሓዋውሶ ከከምዝጥዕመና ክንገብሮ ንደሊ እዚ ኸኣ ኣብ ጸገም የውርደና። ንሕና ከም ኣመንቲ ቀዳምነት እንህቦ ናይ ኣምላኽ ነገራት እዩ። ዝኾነ ሓይሊ ናይ ኣምላኽ ነገር ክንቅይር ዝግድድ የብልናን። ኣብ ታሪኽ ነዚ ከፍርሱ ዝጸዓሩ ብዙሓት እዮም ግን ደም ሰማዕታት ውሒጥዎም ይርከብ።

ናይ እምነት ነግራት ወይ መንፈሳዊ ነገራት እውን ኣብ ናይ መንግስቲ ክአቱ ኣይግባእን። ኣብ ገለ ሃገራት ሓደ እምነት ዝበዝሐ ምስ ዝኸውን እቲ መንግስቲ ኣብቶም ዝበዝሑ ጥራሕ የድህብ ኩሉ ሕግታት በቲ ንሶም ዝደልይዎ ይገብር በዚ ኸኣ ነቶም ውሑዳት መሰል ይንፈጎም። እዚ ሓደ ካብቲ ጸገም ሰባት እዩ። ሓደ ሰብ ወላ ይኹን መሰል ኣለዎ። ብዙሓት ክዕብልሉ ውሑዳት ክጽቀጡ ግቡእ ኣይ ኮነን። ኣምላኽ ንኹልና ብሓደ ዓይንን ፍቕርን እዩ ዝርእየና።

**ሰላም ፍቕሪ ምርድዳእ ክነግስ እንታይ ክንገብር ይግብኣና።**

1. **ብንጹር ኣፍልጦ ክህልወና ኣለዎ።** እምነታዊ ነገራትን መንግስታዊ ነገራትን ፈላሊና ክንርኢ ኣሎና። መንግስቲ ናይ ኩሉ እዩ። እምነት ግን ናይ ግሊ እዩ። ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝተፈላለየ እምነታት ክህሉ ይክእል መንግስቲ ግን ንኹሉ ብማዕረ ኣብ ሕጊ ተመስሪቱ ዝመርሕ ሓደ እዩ። ኣብ ሓደ ዝዘንበለ መንግስቲ ወይ ሃይማኖት ጸገሙ እዩ ዝበዝሕ፥ ስለዚ ኣፍልጦና ክዓቢ ኣለዎ።
2. **ልዕሊ ኲሉ ፍቕሪ ርኢና ክንክእል።** ፍቕሪ ንኹሉ ትጥርንፍ። ፍቕሪ ኣይትፈላልን እያ። ንኹሉ ብዓይኒ ፍቕሪ ክንርኢ እንተ ኽእልና ናተይ ናትካ እንብሎ የብልናን። ንወገንካ ንናትካ ጥራሕ ምፍቃር ጎደሎ እዩ። ወላ ብእምነት ንፈላለ ልዕሊ ኩሉ ፍቕሪ ኣንጊስና ሓደ ክንከውን ይግባእ።
3. **መሰረታዊ መሰላት ተረዲእካ ምኽኣል።** ሰብ ከም ሰብ ክህልዎ ዝግብኦ መሰረታውያን መሰላት ኣለዎ። እዚ ልዕሊ ዝኾነ እዩ። ነጻነት፥ ናይ ምንባር፥ ናይ ምውናን ፥ ማዕርነት፥ ሕውነት ወዘተ ንዝኾነ ሰብ የድልዮ። ነዚ ክንሕሉ እንተ ከኣልና ጸገምና ይውሕድ።
4. **ንኽፉእ ንዓመጽ ፎእ ክንብሎ ኣሎና።** ዝኾነ ሰብ ኽግፋዕ መሰሉ ኽግፈፍ ክንርኢ ከሎና ሱቕ እንተ በልና ንብድል ኣባና ሓቂ የላን። ነፍሲ ወከፍና ከም ሰባት መጠን ክንተሓጋገዝ ክንተሓላሎ ኣሎና። ዓመጽ ኣብ ገለ እና ወረደ እንታይ ገደሸኒ እንቋዕ ኣባይ ኣይ መጸ ክንብል የብልናን። ንግፍዒ ደው ኢልና ክንከላኸል ኣሎና።

ንኹሉ በብናቱ ኣኽቢርና ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንገብር። ኣምላኽ ንዓለም ክነመሓድር ንኣና ንደቂ ሰብ ሂቡና እዩ። ብማዕረ ክነመሓድራ ብሓደ ዓይኒ ክንረኣኣ ይግብኣና። ሓደ ካብ ሓደ በሊጹ ዝርአየሉ የብሉን። ንመንፈሳው ነገራትና ምስ ሥጋዊ ነገራት፥ ናይ እምነት ጉዳይ ምስ ናይ መንግስቲ ኣይንሓዋውሶ። ናይ ኣምላኽ ንኣምላኽ ናይ ቄሳር ከኣ ንቄሳር ንሃብ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።